# ደብረ ታቦር 2017 ዓ.ም.

## 13 ነሓሰ 2017 ዓ.ም. (8/19/2025)



ወተወለጠ ራእዩ በቅድሜሆሙ ወአልባሲሁኒ ኮነ ፀዓዳ ከመ በረድ! ንባባት፡ ዕብ 11:23-30, 2ጴጥ 1፡15-ፍ፥ ግ.ሓ. 7፡ 34-51; ማቴ 17:1-9.

ምስባክ፡ 1.ታቦር ወአርሞንኤን በስመ ዚአከ ይትፌስሑ ወይሰብሑ ለስምከ መዝራዕትከ ምስለ ኃይል፥ እምባ ታቦርን ሄርሞንን ብስምካ ዕልል ይብሉ፥ ንስምካ ኸአ የምስግኑ፥ ቅልጽምካ ምስ ሓይልኻ መዝ. 89፡12-13።

2. ደብር ርጉዕ ወደብር ጥሉል፥ ለምንት ይትነሥኡ አድባር ርጉዓን ደብር ዘሰምሮ እግዚአብሔር የኃድር ውስቴቱ እምባ ርጉእን ጥሉልን፥ ስለምንታይ ኢኹም ብቕንኢ እትትንሥኡ፥ እግዚአብሔር አብኡ ንዘለዓለም ክነብር እዩ መዝ. 69:15-16).

ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ደብረ ታቦር ዝብል ኣብ ክልተ ቦታ ንረኽቦ። 1. ካብ ከተማታት ዛብሎን ናይ ሌዋያን ከተማ ታቦር (1ዜና መ 6፡77) እትብሃል። 2. ኣብ ታሕተዋይ ገሊላ 8ኪ.ሜ ምስራቕ ካብ ናዝሬት ዘሎ ሎሚ ብጃባል አል ጡር (ኤር 46፡18፥ መዝ 89፡13) ብዝብል ዝፍለጥ። እዚ ኅቦ እዚ ንሰሜንን ንደቡብን ክትቖጻጸር ከምኡ ንጎላጉል ኤስድራኤሎን ብቐሊል ክትቆጻጸር ዝሕግዝ ገዛኢ ቦታ እዩ። ዲቦራ እትብሃል ነቢዪት ንባርቕ ወዲ ኣቢኖዓም ልኢኻ ኣብ ደብረ ታቦር ክእከቡ ነጊራቶ ዝብል ኣብ (ዘመሳፍንት 4፡6) ንረክብ። ኣብ ንቢይ ሆሴዕ ከአ ደብረ ታቦር ከም ኣምልኾት ጣኦት ዝገብረሉ ይዛረብ (5፡1)። ኣብ ዳንኤል 7፡9-14 ብዛዓብ ዳንኤል ዝርአዮ ግርማ ኣምላኽ ይዛረብ እዚ ኸአ ነቲ ኣብ ወንጌላውያን ተጠቒሱ ዘሎ ይመሳሰል። ኣብ ትውፊት ክርስትና ደብረ ታቦር ወላ እኳ ብስም ኣይጸዋዕ እምበር ኣብ ወንጌላውያን (ማቴ 17፡ 1-8፥ ማር 9፡2-8፥ ሉቃ 9፡28-36) ተጠቒሱ ዘሎ ንደብረ ታቦር እዩ ዘስምዕ ዝብል እምነት ኣሎ።

ኣብ 2ጴጥ 1፡16-19 ዘሎ ጴጥሮስን ብጾቱን ዝርአይዎ ጽውጽዋይ ዘይኮነስ ነቲ ብዓይንና ዝረአናዮ ግርማ መሰኻክር ስለ ዝኾና እናበለ ነቲ ዝርአይዎ ይምስክር። ንሱን ብጾቱን ናይ ዓይኒ ምስክር ከም ዝኾኑ ካብ ሰማይ “እዚ እቲ ዘፍቅሮ ወደይ ብእኡ ዝተሓጎስኩ እዩ” ዝብል ምስኡ ኣብ እምባ ከለዉ ሰሚዖሞ ስለዚ ንሱን ብጾቱን ዝብልዎ ሓቅን ዝእመንን እዩ። ነዚ እሙን ነገር ክንቅበሎ ኣሎና ምኽንያቱ ባዕሉ ከምዚ እናበለ ተዛሪቡ ምድሪ ክሳብ ዝወግሕ ኮኾብ ጽባሕ ከአ ኣብ ልብኹም ክሳብ ዝወፅእ ከምቲ ኣብ ጸልማት ዝበርህ መብራህቲ ጌርኩም እንተ ኣስተብሃልኩም ሰናይ ትገብሩ እናበለ ነቲ ዝመጽእ ግርማ ከም ዝፈልጡ ገርዎም።

ጴጥሮስን ያዕቆብ ዮሓንስ ዝተለወጠ ግርማ ኢየሱስ ክርእዩ ክንደይ ጸጋ ተዓዲሎም። ድሕሪ ትንሣኤ ንዝመጽእ ግርማ ኢየሱስ ኣብ የማን ኣብኡ ብልጭታ ርእዮም። እዚ ኸአ ነቲ ድሕሪ ሞትና ቅዱስ ሕይወት እንተ መራሕና ዝጽበየና እሞ እንሳተፎ ግርማን ክብርን ኣብ መንበር ኣምላኽ ዘመልክት እዩ። ነዞም ሰለስተ ኣርድእት እዚ ፍሉይ ተመክሮን ርድኢትን ኣብ ሕይወቶም ኣሕዲርሎም።

ኣብ ወንጌል ከም እነንብቦ እዞም ሰለስተ ኣርድእቲ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ብፍሉይ ዝተሳተፍዎ ንርኢ። ንጓል ኢያኢሮስ መራሒ ቤተ ጸሎት ኣይሁድ ከተንሥእ እንከሎ ምስኡ ነዞም ሰለስተ ጥራሕ ክኣትዉ ኣፍቂዱ (ማር 5፡37፥ ሉቃ 8፡51)። ሓደ እዋን ኢየሱስ ኣብ ቤተ መቕደስ ከስተምህር እንከሎ ጴጥሮስን ያዕቆብን ዮሓንስ ንበይኖም ሕቶ ሓቲቶሞ ንሱ ኸኣ ብዙሕ ነገራት ምሂርዎም (ማር 13፡3)። ኣብ ጌተ ሰማኒ ኢየሱስ ምስኡ ጴጥሮስ ያዕቆብ ዮሓንስ ካብ ካልኦት ፈልዩ ኣብ ጊዜ ሕማማቱ ምስኡ ክኾኑ ወሲድዎም (ማር 14፡33)። ስለዚ እዞም ሰለስተ ሓዋርያት ፍሉይ ግንዖት ወይ ጸጋ ካብ እቲ ዘፍቅሮም መምህሮም ይውሃቡ ከም ዝነበሩ ወንጌል ደጋጊሙ ይነግረና እዚ ናይ ደብረ ታቦት ተመክሮ ኸኣ ሓደ ካብኡ እዩ።

ኢየሱስ ቅድሚ ፍሉይ ተለውጦ ራእዩ ምርኣዮም ሰባት መን ይብሉኒ እናበለ ሓቲትዎም ቀጺሉ ኸኣ ንስኹምከ መን ትብሉኒ እናበለ መን ምዃኑ ክፈልጡ ኢሉ ሓቲትዎም። ጴጥሮስ ንሱኻ ወዲ ሕያው ኣምላኽ ኢኻ” እናበለ መሊስሉ። ናይ እምነቱ ግንዖት ንሱ ከውሒ ከም ዝኾነ መፍትሕ መንግስተ ሰማይ ከም ዝህቦ ኣብኡ ቤተ ክርስትያኑ ከም ዝሃንጽን ክኣስርን ክፈትሕን ስልጣን ከም ዝሃቦ ገሊጽሉ። እንተ ኾነ ኢየሱስ ቀጺሉ ብዛዕባ ሕማማቱን ሞቱን ምስ ነገሮም ወዮ ብዓቢ እምነት መንነት ኢየሱስ ዝገልጸ ዝጸንሐ ጴጥሮስ ኣይፋልን እዚስ ኣይውረድካ እናበለ ጌና ኣብ ኢየሱስ ዘለዎ ርድኢት ጌጉይ ከምዝኾነ ገሊጹ። (ማቴ 16፡13ፍ፥ ማር 8፡33)።

ሓዋርያት ኢየሱስ እቲ ንሶም ዝሓስብዎ ወይ ዝጽበይዎ መስሕ ከመዘይኮነ ክርድኡ ኣለዎም ማለት ንሶም ካብ ግዝኣት ሮማውያን ዘውጽኦም ንሶም ከኣ ኣብ መንበር ስልጣን ኮይኖም ክገዝኡን ክመልኩን እዩ ትጽቢቶም ዝነበረ ነዚ ርድኢት ክቕይር እዩ ኢየሱስ ካብኦም ነዞም ሰለስተ ንሱ መን ምዃኑ ክርድኡን ዝጽበዮም መንግስቲ ኣምላኽ ከመይ ዝበለ ከም ዝኾነ ክርድኡ ግርማ ራእዩ ተለዊጡ ክርእዩ ዘፍቀደ።

ኣብ ደብረ ታቦር ዓቢ ምስጢር ክርእዩ ክኢሎም። ሙሴን ኤልያስን ምስኡ ክዛረቡ ተራእዮም። ሙሴ ሕጊ ኣምላኽ ኣብ ደብረ ሲና ዝተቐበለ እዩ፥ ኤልያስ ካብ ነብያት ዝዓበየ እዩ ኣብዚ ንኹሎም ነብያት ወኪሉ እዩ ተራእዩ። ስለዚ ሕግን ነብያትን ከም ብሉይ ኪዳን ምስ ኢየሱስ ኣብ እምባ ተራእዮም። ብሉይ ኪዳን ናብ ኢየሱስ እዩ ዘመልክት ኩሉ ጽሑፋት ነቲ ኢየሱስ ዝፍጽሞን ዝብሎን ኣቐዲሙ ዝነግር እዩ። ኢየሱስ እቲ ዝጽበይዎ መስሕ ናይ ብሉይ ኪዳን ከም ዝኾነ ከረጋግጽ ሙሴን ኤልያስን ኣብ እምባ ምስኡ ራእዮም ተለዊጡ ተራእዩ።

ሰማያዊ ኣቦ ካብ ሰማይ ክዛረብ ተሰሚዑ እቲ ዝኃረኽዎ ወደይ እዚ እዩ ንእኡ ስምዕዎ ክብል ተሰሚዑ። ኣብዚ እንርእዮ ብሉይ ኪዳን ሰማይዊ ኣቦን ናይ ኢየሱስ እቲ ትጽቢት ዝተነብሮ መስሕ ከምዝኾነ የረጋግጹ። ወላ እኳ ኢየሱስ ክሓምም ክስቀል ክምወት እየ ኢሉ እንተ ኣሰንበዶም እዚ እዩ መደብ ኣምላኽ ንኢየሱስ ዝነበረ። ሰማይዊ ኣብኡ ስምዕዎ ኢልዎም። ብኻልእ ኣዘራርባ ብዛዕባ እዚ ዝዕንቅፍ ዝመስል ዘረባ ወደይ ሕማማቱ ሞቱን ትሣኤኡን ኣይትተዓንቀፉን እዩ ኢልዎም። ኣብ ጸሎትና ከም እንጽልዩ ንሓዋርያቱ ካብ ዕንቅፋት መስቀል ምእንቲ ክጽንዑ ኢሉ ግርማኡ ገሊጽሎም ንብል።

እሞ ክሰምዕዎ ድዮም? ኣብ ጊዜ ሕማማቱ ክመውት ክኸይድ እንከሎ ኣብ ጎኑ ደው ክብሉ ድዮም? እቲ ታሪኽ ንፈልጦ ኢና ጴጥሮስ ሰለሰተ ጊዜ ክሒድዎ ከም ኩሎም በይኑ ሓዲጎሞ። ዮሓንስ ጥራሕ እዩ በቲ ሕማማቱ ከይተዓንቀፈ ክሳብ መወዳእታ ዝሰዓቦ። ኣብ ወንጌል ዮሓንስ ከም እንረኽቦ ዮሓንስ ኣብ ውሽጢ ኣብቲ መጋብያአ ኣይሁድ ኣትዩ ኩሉ ኢቲ ኢየሱስ ዝረኸቦ ዝርኢ ዝነበረን ክሳብ ኣብ መስቀል ምስ ውሑዳት ኣንስቲ ደው ኢሉ ምስኡ ከም ዝነበረ ነንብብ። እቶም ካልኦት ድሕሪ ትንሣኤ እዮም ተኣኪቦም ክምስክሩ ዝጀመሩ። ጴጥሮስ መራሒ ኮይኑ

ቀዳማይ ወኪሉ ኮይኑ ኣብ ሮማ ኣብ መስቀል መይቱ መስኪሩ። ያዕቆብ ብሄረዱስ ክሳዱ ተመቲሩ ቀዳማይ ሰማዕት ካብ ሓዋርያት ኮይኑ መስኪሩ (ግ.ሓ. 12፡2)፥ ዮሓንስ ወንጌል ጽሒፉ። ስለዚ ሰለስቲኦም ንኢየሱስ ሰሚያሞ ወላ እኳ ክልተ ካብኦም ንግዚኡ ኣብ ጊዜ ሕማማቱ ምስኡ እንተ ዘይነበሩን ከምኡ ድኽመትን ክሕደትን እንተ ኣርኣዩ።

ጴጥሮስን ያዕቆብን ኣብቲ ቀንዲ ክምስክርዎን ምስኡ ክኾኑ ዝኽእሉሉ ጊዜ ምስኡ ብዘይ ምንባሮም ይገርመና ይኸውን እዩ፥ ከምቲ ጓል ኢያኢሮስ ካብ ሞት ምስ ተንሥኤ ኣብ ሓዲስ ሕይወት ዝኣተወት እዞም ሓዋርያት ወላ እኳ ሕማማቱን ስቕለቱን ሞቱን ምስ ርአዩ ይተዓንቀፉ ንቃሉ ክሰምዑ ምስ ጀመሩ ጨሪሾም ተቐይሮም ምስኡ ክጉዓዙ ጀሚሮም።

ኣብ ሕይወትና እንተ ርአና ክንደይ ጊዜ ንኢየሱስ ሓዲግና ካልእ መገዲ ዘይመረጽና። ብዙሕ ጊዜ ረኺብናዮ ምስኡ ኮና ግን ኣብ ገለ እዋን ከም ዝሓደግናዮ ክንርእዮ ዘጸግመና ኣይመስለንን።

- ኣብ ቅዱስ ቊርባን ክንቅበሎ እንከሎና ምስኡ ጥቡቕ ርክብ ኣሎና፥እዚ እቲ ዝበለጸ ጊዜ ምስ ኢየሱስ ዘሎናዮ እዩ።
- ቅዱስ መጽሓፍ ክነንብብ እንከሎና፥ሕጂ ቅዱስ መጽሓፍ ክነንብብ እንከሎና ምሳና ኣሎ። ቅ. መጽሓፍ ብዛዕባ ሕይወት ኢየሱስ ጥራሕ ኣይ ኮነን፥ ኣብ ቅ. መጽሓፍ ሕይወትና ይዛረበና ከምኡ ብዛዕባ ሕይወትና ክዛረበና እንከሎ ኣብኡ ንረኽቦ።
- ኩሎም ምስጢራት ቤተ ክርስትያን ክንቅበለ እንከሎና ብፍሉይ መገዲ ንኢየሱስ ንረኽቦ።
- ኣብ ሕይወት ዓበይቲ ሰባት ከም ብዓል ቅ. ዮሓንስ ጳውሎስ ፪ይ፥ ብጽእት ተረዛ ብዓልቲ ካልካትን ካልኦት መገዲ ኣምላኽ ሒዞም ኣብ ዝኸዱ ንኢየሱስ ንረኽቦ።

ከምቲ እዞም ሰለስተ ሓዋርያት ድሕሪ ትንሣኤ ከም ዝሓደገሎም ምስኦም ከም ዘሎን ዝገለጸሎም ምስ ኢየሱስ ኩሉ ጊዜ ክንዕረቕ ኣሎና። ኣብ መንበረ ኑዛዜ ኩሉ ጊዜ ክንረኽቦ ኣሎና። ገለ እዋናት ኣሎ ንኢየሱስ ዘይንሰምዓሉ ገለ እዋናት ኣሎ እንኽሕደሉ ብርግጽ እዚ ኣብ መጋብያአ ኣይሁድ ኣብ ኢየሩሳሌም ኣይ ኮነን ኣብ ቅድሚ ዓበይቲ ሰባት እውን ኣይ ኮነን ግን ኣብ ገለ እዋን ኣብ ቅድሚ ስድራና፥ ኣብ ስራሕና ከምኡ ኣብ ቅድሚ ሕብረተሰብና ቊምስናንን ክኸውን ይኽእል። ከምቲ ጴጥሮስን ያዕቆብን ዮሓንስ ንኢየሱስ ብምርኣይ ፍሉይ ጸጋን በረኸትን ዝተዓደሉ ንሕና እውን ብዝተፈላለየ መገዲ ኣምላኽ ጸግኡ ይህበና እዩ፥ ስለዚ ከምኦም ኣብ ዕለታዊ ሕይወትና ክንምስክሮ ክንሰምዖ ይግብኣና።

ጴጥሮስ ጣዕሚ ሰማይ ምስ ረአየ ኣብዚ ምንባር ይሕሸና ኢሉ፥ ንሕና ኣብ ቅዱስ ቊርባን ምስ ኢየሱስ ኣሎና ምስኡ ክነብር ንቕበሎ ኢና ስለዚ ሎሚ እውን ምስ ኢየሱስ ክነብር ዘኽእል ሕይወት ሒዝና ምሳኻ ኣሎኹ ጎይታይ እናበልና ቃልና ንሃቦ።

ርሑስ ብዓል ደብረ ታቦር

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ